# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፫

**ዝቐጸለ...**
ኣቦይ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ዓሰርተ ኽልተ ደቂ ከምዝወለዱ ኣብዝሓለፈ ተገሊጹ ነይሩ። ካብ ደቆም ግና ክልተ ዓብዮም በጽሒታት ምስኮኑ ርእሶም ምቕታሎም ብምስማዐይ፤ እንታይ ኮይኖም ርእሶም ከምዝቐተሉ ንምፍላጥ ብዛዕብኡ ምጥያቖም ፈሪሔ፣ ሰጋእ-መጋእ እናበልኩ ነዊሕ ጊዜ ሓለፈ። ኣብ መወዳእታ ግና ጨኪነ ጠየቕኩዎም።

"ኣቦይ ቀሺ፣ ዝበጽሓኩም መቸም ብዙሕ ዘሕዝን እዩ፣ እንካብ ደቅኹምስ ክልተ ርእሶም ምቕታሎም ሰሚዐ። እንታይ ኮይኖም ደኣ ርእሶም ቀተሉ ይብሃል?"

"ወደይ እንታይ ፈሊጥና፣ ብቑልዕነቶም ኣብ ገዛ ኽለው ኽምኮነስ ምፍላጥ ምተኽኣለ፤ ግና ዓብዮም፣ ርእሶም ክኢሎም፣ ሙሉኣት ሰባት ኮይኖም እዮም ርእሶም ዝቐተሉ። ኩሉ ሰብ ኣብ ሕይወቱ ብዙሕ ፈተናታት ከም ዘጋጥሞ እተፈልጠ እዩ፣ ግንከ ክሳብ ንርእስኻ ዘቕትል ነገር እንታይ ከምዘጋጠሞም ንሕና እሞ እንታይ ፈሊጥና?።"

"እቱ ሓዘኑ ደኣ ኸመይ ከኣልኩምዎ! እሞ ኽኣ ሞት ሓደ እኳ ኽይኣክልስ ክልቲኦም ደቅኹም፣ እዙይስ ጉድ እዩ። ሓዘኑኽ ደኣ እሞ ኸመይ ኢሉ ወጸልኩም?"

"መቸም ንወላዲ ሓዘን ውሉድዶ ወጺኡ ዚወጽእ መሲሉካ? ግንከ ምስ ወረደካ እንታይ ደኣ'ሞ ይግበር? ብፈለምኡ ኣይሃብካ፣ ኣይውረድካ ምባል እዩ እምበር፣ ምስ ወረደካስ ናበይ ድኣ ይእቶ፣ 'በቲ ዜኽእለኒ እግዚኣሔር ንዚበጽሓኒ ኹሉ እኽእሎ...' ኢናበልካ ንኹሉ ምኽኣል ጥራይ እዩ እምበር..."

"ኣብቲ ጊዜ ሓዘን ድማ ንርእስኹም ተጸናኒዕኹምስ ንሓዘንተኛታት ከም እተጸናንዑ ዝነበርኩም እዩ ዚውረየልኩም። ብርቱዕ ሰብ ኢኹም ማለት እዩ።"

"ሰብ ብርቱዕ የብሉን። እግዚኣብሔር እዩ እምበር ሰብዶ ሓዘን ልቢ ዘጻናንዕ ኾይኑ!"

"ብዛዕባ ሓዘንኩምዶ ቁሩብ ትዝክሩ? ንነዊሕ ጊዜዶ ሓዘን ተቐሚጥኩም ኤርኩም?"

"ካብ መጀመርትኡ ርእሱ ባዕሉ ንዝቐተለ ሰብ ከመይ ኢልካውን ከምእትሓዝነሉ እዩ ዚጨንቀካ። እናጸናሕኻ ግን፤ 'ኣነ ደኾን ዘጉሃኹዎ ነገር ይህሉ፣ ብኣይ ሓዚኑ ድዩ? እንታይ ኮን በዲለዮ ነይረ እየ?' እናበልካ ኣብ ብዙሕ ጓሂ ትኣቱ። ይኹን ደኣ እምበር ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ሓዘን ከፍ ኢለ ኣይተቐመጥኩን።"

"መን ድኣ ደበሰኩም፣ ብኸመይ ደኣኽ ካብ ሓዘንኩም ተልዓልኩም?"

"ሓዘንተኛን ደባሳይን'ማ መሊኡ፣ ቤተሰብን ጐረቤትን ኩሉ። ቅድሚ-ቐዳድም ሓደ ሰብ ንርእሱ እዩ ዚነብር፣ ካብ ርእሱ ምስ ሓለፈ እዩ ንኻሊእ ኪረድእን፣ ኪጠቅምን ዚኽእል። ኣብ መወዳእታኡ ግን፣ እዚኣቶም ብሕይወት ንምንባር ካብ ዘይደለዩ፣ ነታ ርእሶም እውን ክሳዕ ንምቕታል ካብ በጽሑ፣ 'ዋእ እምበኣርከ እታ ዝደለይዋ ዕረፍቲ እግዚኣብሔር ባዕሉ ይሃቦም!' ኢለ ካብ ሓዘነይ ሽዑ እየ ዝተንሳእኹ።"

"ካብኡ ሓሊፉኽ ዘጸናንዓኩም ነገርዶ ኣሎ?"

“ዋእ፣ ‘ከምቶም ተስፋ ዘይብሎም ኣረማውያን ኣይትኹኑ፣ ኣምሪርኩም እውን ኣይትሕዘኑ …’ እኮ እዩ ዚብል እቲ መጽሓፍ ቅዱስ። ከምቶም ኣረማውያን ኣይትኹኑ ማለት ድማ ሞት መወዳውታና ኣይኮነን፣ እንካብ እዚ ሕይወት እዚ ናብቲ ዚመጽእ መሰጋገሪ መሰላል እዩ፣ ስለዚ ሐደ ክርስትያን ንሓዘኑ ብልክዕ ኪገብሮ ይግብኦ ማለት እዩ። ኣብ ካልእ ድማ ‘ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ ንሓልዮትኩም ኩሉ ኣብኡ ኣውድቕዎ…’ ዚብል ጽሑፍ ኣሎ፣ ስለዚ ሓደ ሰብ ሓዘኑ ንእግዚኣብሔር ሂቡ ባዕሉ መጀመርታ ንርእሱ ኬጻናንዕ ይግብኦ። ንርእሱ ምስ ኣጸናንዔ ድማ ቐጺሉ ንኻልኦት ከጻናንዕ ይኽእል።”

**ይቕጽል…**